ኩነታት ጥዕና ኩንስላንድ
TIGRINYA

# መደብ መድሓኒታዊ ጥቕሚ (PBS)

## ናይ ሓገዝ መደብ

ሓገዝ መደብ ፒቢኤስ ናይ ዝተኣዘዙ መድሓኒታት ዋጋ ንምንካይ ዝሕግዝ። ንስኻ ወይ ስድራቤትካ ኣብ ሓደ ዓውደ-ኣዋርሕ (1 ጥሪ – 31 ታሕሳስ)ኣብ ዝተወሰነ እዋን ዝተወሰነ መጠን ገንዘብ እንተ ኣውጺእኻ ነቲ ዝተረፈ ናይቲ ዓመት ኣዋርሕ ብዝሓሰረ ወይ ብነጻ መድሃኒት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።




### ናብ ፒቢኤስ ናይ ሓገዝ መደብ ንም፤

- ናይ ሜዲኬር ካርድን/ወይ ናይ ጥዕና ክንክን ካርድን ክህልወካ ኣለዎ
- ነቲ ዝተወሰነ መጠን ገንዘብ ንዓኻ ወይ ንስድራቤትካ ኣብ መድሓኒት ቤታት ፒቢኤስ ተጠቐመሉ።

ሓበሬታ ብዛዕባ ውሱን መጠን

### ኣብቲ PBS Safety Net/ናይ ሓገዝ መደብ ዝተቐመጠ መጠን ገንዘብ ብኸመይ ከም እትረኽቦ

ኣብቲ ናይ PBS Safety Net ውሱን መጠን ገንዘብ በጺሕካ እንተኾይንካ ንምፍላጥ፤

- ኩሉ ግዜ ኣብ ፋርማሲ ናይ ሜዲኬር ካርድኻን ፍቓድ ዝተወሃብካሉ ካርድኻን (እንተሃልዩካ) ኣርኢ።
- ንኹሎም ዝተኣዘዙልካ መድሓኒታት ካብ ሓደ ፋርማሲ ክትጥቀም ፈትን። ናብቲ ናይ ሓገዝ መደብ መጠን ገንዘብ መዓስ ከም ዝቐረብካ ክነግሩኻ ወጻኢታትካ ክምዝግቡ ሕተቶም።
- ዝተፈላለዩ ፋርማሲታት ትጥቀም እንተኾንካ፡ ኣብ መድሓኒታት ፒቢኤስ ዘውጻእካዮ ቕብሊት ሕተቶም።
- ነዚ ቅጥዒ እዚ ነቲ ብዓል ፋርማሲ ሃቦ፣ ኣብ መድሓኒታት ፒቢኤስ ክንደይ ከም ዘውጻእካ መዝገብ ምእንታን ክሕዝ። ናይ ሓገዝ መድሓኒታት ዝምዝገቡሉን ናይ ሓገዝ ካርድ ንምቕባል ዝምልከቱሉ ቅጥዒታት

ነቲ ፎርም ስካን ግበሮ

### ንካርድ ፒቢኤስ ናይ ሓገዝ መደብ ምምልካት።

ነቲ ዝተቐመጠ መጠን ገንዘብ ምስ ኣውጻእካዮ፡ ንካርድ ፒቢኤስ ሴፍቲ ኔት/ናይ ሓገዝ መደብ ክተመልክት ትኽእል ኢኻ። እቲ ካርድ ዝሓሰረ ወይ ብነጻ መድሃኒት ክትረክብ የኽእለካ። ነቲ ካርድ ንኽትረክብ ከመይ ጌርካ ከም እተመልክት ምስ ፋርማሲስትኻ ተዘራረብ።

NEED AN INTERPRETER?

ኣብ ፋርማሲ ኣስተርጓሚ ክትሓትት ብናጻ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ

Queensland Government

# ብሓኪም ዝተኣዘዙ መድሓኒታት

### ሓኪም ዝኣዘዞ (‘ስክሪፕት’) እንታይ እዩ?

ሓኪም ዝኣዘዞ ማለት ካብ ሓኪምካ ዝመጽእ መዘኻኸሪ ወረቐት ኮይኑ፡ ንሓደ ፋርማሲ እንታይ ዓይነት መድሓኒታት ከምዝድልየካ ዝሕብር እዩ። ናይቲ መድሓኒት ሽም፡ ክንደይ ክትወስድ ከም ዘለካን ንኽንደይ ግዜ ከም እትወስዶን ዝሕብር ኣለዎ። ነዚ መድሓኒት ዝተኣዘዘሉ ወርቐት ሒዝካ ናብ ፋርማሲ ውሰዶ ወይ ድማ ክሳብ ዘድልየካ ኣብ ውሑስ ቦታ ኣቐምጦ

**ዋላ ሓደ ዓይነት ሕማም እንተሃለወካ ብሓኪም ዝተኣዘዙ መድሃኒታት ምስ ካሊእ ሰብ ኣይትካፈል።**

### ‘ተደጋጋሚ ናይ ትእዛዝ ወረቐት/ ስክሪፕት’ እንታይ እዩ?

ተደጋጋሚ ናይ ትእዛዝ ወረቐት ኣብ ነፍሲ ወከፍ እዋን ካብ ሓኪምካ ሓድሽ መዘኻኸሪ ወረቐት ከየድለየካ ተወሳኺ ተመሳሳሊ መድሃኒታት ክትረክብ ዘኽእለካ ናይ ትእዛዝ ወረቐት ኢዩ። እዚ ቀዋሚ ንዘለካ ናይ ጥዕና ኩነታት ብቐጻልነት ንትወስዶም መድሓኒታት ዝጠቅም እዩ። ብቐጻሊ ቅድሚ ተመሊስካ ምምጻእኻ እቲ ዝተኣዘዘልካ መድሓኒት ንኽንደይ ግዜ ክትወስድ ከም እትኽእል ሓኪምካ ክነግረካ እዩ።

### eScript/(ኤሌክትሮኒካዊ ትእዛዝ) እንታይ እዩ?

ኢስክሪፕት (ኤሌክትሮኒካዊ ትእዛዝ) ናይቲ ብወረቐት ዝላኣኽ ትእዛዝ ብዲጂታላዊ መልክዐ ዝላኣኽ ትእዛዝ እዩ ሓኪምካ ንነፍሲ ወከፍ መድሓኒት QR ኮድ ወይ ቶከን ሒዙ ብናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ወይ ብኢመይል ክሰደልካ ይኽእል ኢዩ።

### ከመይ ጌረ እየ ነቲ ተደጋጋሚ ናይ መድሓኒት መአዘዚ/ስክሪፕት ከቐምጦ?

ነቲ ተደጋጋሚ መድሓኒት መአዘዚ/ስክሪፕት ኣብ ውሑስ ቦታ ኣቐምጦ። መድሃኒታትካ ኣብ ምውሳድ መምርሒታት ሓኪምካ ተኸተል።

**ገለ ፋርማሲታት ነቲ ተደጋጋሚ መድሓኒት መአዘዚ/ስክሪፕት ከቐምጣልካ ይኽእላ እየን።**

### ናይ 60 መዓልታት ናይ ሓኪም ትእዛዝ ማለ ትእንታይ እዩ?

ካብ 2024 ጀሚሩ፡ ቀጻሊ ዝኾነ ኩነታት ጥዕና ንዘለዎም ኣውስትራሊያውያን፡ ብሓደ ናይ ሓኪም ትእዛዝ ን60 መዓልታት ዝቐርብ ዝተመርጹ መድሃኒታት ክረኽቡ ይኽእሉ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ [Cheaper medicines translated resources] ረኣዩ።




**ናይ 60 መዓልታት ናይ ሓኪም ትእዛዝ ኣብ ፒቢኤስ ዝተዘርዘሩ ንከባቢ 300 መድሓኒታት ዝምልከት እዩ።**

### ምብጻሕ/ምምጻእ ፋርማሲስት ናብ ገዛ

ሓኪምካ መድሃኒት ክግምገም እንተሓቲቱ፡ እቲ ባዓል ፋርማሲ ናብ ገዛኻ መጺኡ ክርኢ ይኽእል ኢዩ። ቆጸራ ንምሓዝ ደዊሎም ብዛዕባ መድሃኒታትካ ምሳኻ ክዛረቡ እዮም።

**ኣብ መድሓኒታትካ ዝኾነ ጸገም እንተሃልዩካ ንዖኦም ኣፍልጦም።**

SC2401012